# ካብ ስርዓት ህግደፍ ዘምለጡ
# መንእሰያት ካብ ዘስተንፍስዎ ሓቅታት

ብገርጊስ መ.

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ምስ ሓደ ካብ ስርዓት ህግደፍ ኣምሊጡ ንሱዳን እተሳገረ መንእሰይ ኣብ ሓደ እንዳ ሻሂ ናይ ሓንቲ ሱዳናዊት ከተማ ተራኺበ: ምስኡ ብዙሕ ኣዕሊለ። ካብቲ ንሱ ዝነገረኒ ገሊኡ ከካፍለኩም፡-

## መጀመርያ ስሙ ምስ ሓተትኩዎ፡ ከምዚ ኢሉ ይንድር፡-

"ስመይ እንታይ ኢልካዮ? ዝኾነ ዘይናተይ ስም ሃበኒ። እንታይ ስም ኣሎና? እንታይ ህይወት ኣሎና? እንታይዶ ተሪፉና'ዩ? ዘይሰብ በለኒ።.....ምእንቲ'ዚ ዲዩም ተቓሊሶም ኣቃሊሶምና? ተስፋይ ካልእ'ዩ ነይሩ። ብሕልፊ ድሕሪ 1991። ሕጂ እንታይ ተሪፉና? ወላ ሓንቲ።

....ብዛዕባ ስመይ ግን ወላ ንዝኸሪ ዝፈትዎ ሰብ ክኾነኒ ቢንያም ጸጋይ ኢልካ ጸውዓኒ። ንርእሰይ ፈሪሐ ኣይኮንኩን ስመይ ዝሓብእ ዘሎኹ። ምእንቲ ስድራ ቤተይ'ዩ። እንታይ ክወርዶም ከም ዝኽእል ዝፈልጦ ብዙሕ ኣሎኒ።"

## ብዛዕባ ዕድሜኻ.....?

"ዕድመይ ኣይ ናይ መንእሰይ ኣይ ናይ ዓበይቲ ክትብሎ ትኽእል። 40 ዓመት ኣሎኒ። ብ1966 ተወሊደ። ወዲ 16 ዓመት ከሎኹ ብታሓሳስ 1981 ናብ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፈ።ወተሃደራዊ ትምህርቲ ኣብ ዓራግ ወሲደ፣ ኣብ ክፍሊ ሰራዊት 61 ተመዲበ። ብድሕሪኡ ኣብ ፓለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ወዘተ ኣገልጊለ... ኣብ ሜዳ ምስ ብዓል እቲ ሓሳዊ ዓሊ ዓብዱ ከይተረፈ ሰሪሐ፣ ክሳዕ እዚ ቀረባ ኣዛዚ ሓይሊ ኢየ ነይረ።... ክሳዕ'ዚ ቀረባ ዓመታት እውን "ሃገር ድሓን ኣላ" ካብ ዝብሉን፡ ሕቂ እናርኣዩዎ እተሰወሮምን ሰባት'የ ነይረ፣ ድሓር፡ ድሓር ዘይምስትውዓለይ ክገርመኒ ጀሚሩ። ኣብ ርእሰይ ምስ ወረደ።"

## ሃለዋት ህዝብና ሕማቕ'ዩ ክትብል ሰሚዐካ...፡-

"ሕማቕ ጥራይ? ሕማቕ ሓደ ቃል'ዩ። ህዝብና ዝነብረሉ ኩነታት ብሓቂ ዘይጽወር'ዩ። ካብዚ ንላዕሊ ድኽነት ዘጥቅየ ህዝቢ ኣብ ዓለም ኣሎ ክትብል ዘየድፍር ኢዩ። ስእነትን፡ ጥሜትን፡ ሕማምን፡ ፍርሕን፡ ማእሰርትን፡ ህድማን ሞትን ካብቲ ናትና ዝኸፍእ ኣብ ዓለም ኣሎ ኣይብልን። እዚ'ዩ እቲ ሃለዋት ሃገርና ብሓጺሩ።

## ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ ክብርን ድሕነትን የሎን ዝብል ድምጺ ሓያል'ዩ ዘሎ።

"ወይ ክብሪ! ክብሪ ትመስክር። ክብርስ ትትረፍ እታ እናተሸቑረርካ ምንባር እውን ተሳኢና'ላ። ሃገር ብምልእታ ብኣባላት ጸጥታ መሊኣ። ሰብ ብጥቆማ እንተእሲርካ ገንዘብ ትኽፈል። ክሳዕ 50,000 ናቕፋ ንሓደ ሰብ ዝወሃበሉ ኩነታት ሰሪዮም ኣሎዉ። ሰብ ብምእሳር ዝህብትሙ ኤርትራውያን ከም ዘሎዉ ኣይትስሓት፣ መርገም'ዩ። ኣብ ከባቢ ኣስመራ ጥራይ ንበዓል ወዲ ቀሺ ሰደቂያስ፡ ንብዓል 'ቅጫ'፡ ንበዓል ወዲ ሃንስ፡ ንብዓል ኮሎኔል ወዲ ወለላ ዘገልግሉ፡ እሞ ሰብ ኤእሲሮም ገንዘብ ዝገበሩ ምህላዎም ካብ ዝፈልጡ ኣነ ሓደ'የ። መሬት እንተወጊሓ ምስክር እጽዋዕ እኸውን። ዝእሰርን ዝመውትን ግን እቲ ሲቪል ጥራይ ኣይኮነን፣ ነቲ ወተሃደር ኢዩ ዝኸፍኦ። ኣብ ፍርዲ ምብጻህ የለን። ምርሻናት ወግሐ-ጸብሐ ኢዩ። መሳኪን ብዓል ዓርከይ ብንያም ተወልደ (ዓሰብ)።

## ኣብ ኤርትራ ክሎኻ ተኣሲርካዶ ትፈልጥ?

“ተኣሲረ’ወ፣ ኩሉ ህዝብስ ዘይእሱር’ዩ። ኣብቲ ማእሰርትታት ናይ ቤት ጊዮርጊስ (ትሕቲ መሬት)፣ ዓዲ ንፋስ፣ ማይ ተመናይ፣ ማይ ሰርዋ፣ ቦርቦረላ (ጥቓ ፓራዲዞ)፣ ትራክ-ቢ. ውዘተ እንተዘይኣብጽሑኻ ጥራይ ድዩ ኣይተኣሰርኩን ክብሃል? ኣነ’ኳ ኣብ መብዝሕትኡ ተዳጒነ ኢየ። ክቼጽረልካ፡ -

1. እታ ናይ ጂ-15 ምንቅስቓስ ካብ ትጅምር ‘ኣይጥዓየን’ ተባሂለ። ይመስለኒ ከኣ ኣይጥዐኹን። ዳርጋ ምስራሕ ከሊኦምኒ።ክፍሊ ሰራዊት 29 ትመስክር። ማእሰርተይ ብትራክ-ቢ. (ጥቓ ቪላጆ ጆንዮ) ጀሚረዮ። ሓላፊ እሱራት ሃብተማርያም ሆየ ነይሩ። ካብ ኩሉ ጥሜትን ጽምእን ኢዩ ዝኸፍኣካ። ሕክምና ረስዓዮ። 800 እሱራት ኔርና። ብሰነን ሓምለን ናይ 2005 ጥራይ 120 መይቶም።
2. ዓዲ ኣበይቶ’ውን ጥዒመያ’የ። ሸንትትን ቀልቀልን ኣብ መደቀሲኻ ክሎኻዩ። ቊጽሪ እሱር ብኣሽሓት ነይሩ። ጸላኢኻ ይርኣዮ። ብዕድል ብጊዜ ህልቂት ዓዲ ኣበይቶ ኣብኡ ኣይጸናሕኩን።
3. ኣብ ማይ ተመናይ ንሓጺር ጊዜ ተኣሲረ። ናይ መርመራ ቦታ ስለዝኾነ ኸኣ ሕሱም ተቐጥቂጠላ። መስኪን መሓመድ (ወዲ ዓዲ ቀይሕ)፡ ሕጂ ይዝከረኒ። ‘ካብ ስዑዲያ ስለምንታይ መጺእካ?’ ብእትብል ሕቶ ጥራይ ተሳቒዩ፣ እታ ህይወቱ’ውን ኣብኡ ከሎኹ ሓሊፋ። መርገም’ዩ።
4. ማእሰርቲ ናይ ማይ ሰርዋ እሞ ግደፎ። ንሞት እናናፈቕካያን እናተጸበኻያን ኢኻ ነተን መዓልታት እተሕልፈን። ዓመትን ክልተ ወርሕን ኣብ ኮንተይነር ንሞት እናተጸበኹዋ ኣሕሊፈዮ። ብዕድል ሞት ጥቓይ ኣይቀረበትን። ብዓል መጀር ተስፉ እንድርያስ (ሻንብቆ) ምስ የማነ ካሕሳይ ከኣ ‘ምሩኻት ጸላእቲ ሃገር’ ገይሮም ይሕዙናን ይገንሑናን።’ነጻ ኤርትራ’ ጉድ’ያ ትርኢ ዘላ። ኣብ 22 ኮንተይነራት 440 ሰባት፣ ኣብ ናይ ዚንጎ ማሕዩራት ከኣ 300 ዝኾኑ እሱራይ ኣብ ማይ ሰርዋ ነይሮም። ብጥሜትን ውጽኣትን ንኣይሽቱ ሕማማትን ዝመውት ግደፎ።

## ኣብ ኤርትራ ኣብዚ መወዳእታ ጊዜ ዝርኤኻዮ ሕማቕ ነገር እንታይ ነይሩ?

“ምርሻን ብጾተይ። ኣብ ኣጋ መወዳእታ ነሓሰ 2006፡ ሸድሽተ ኰንና ‘ዕንጨይቲ ይኣርዩ ኣሎዉ’ እናተባሃልና ካብ ‘ህይወት’ ኮንተይነር ከነምልጥ ሃዲምና። ብጥይት ክልተ ኣትሪፎም፣ ኣርባዕተ ግን ኣምሊጥና። ኣብቲ ናይ ህድማ ኩነታት ከሎና፡ ሰለስተ ኣዋልድን ሓደ ወድን ካብ ኣባላት መበል 19 ዙር ናይ ሳዋ፡ ከማና ኣብ ህድማ እንከሎዉ ኣብ ጥቓ ዓሊ-ግድር ብኣዛብእ ተበሊዖም።

## እቲ ዝኸፍኤ ተግባር ህግደፍ እንታ’ዩ ትብል?

“ምኺን ተግባራት ህግደፍ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ይኸፍእ። ግን እቲ ንሓቂ (ንታሪኽ) ብጻዕዳ ሓሶት ምቕያሩ፡ ምእንቲ ጊዚያዊ ጥቕሚ ንህዝብና ብብዙሕ መንገድታት ምጒጅጃሉን እቲ ዝኸፍኤ ተግባር ይመስለኒ። ንነዊሕ ጊዜ ሓማቕ ኣሰር ክገድፍ ስለዝኽእል።

- በል የቐንየለይ ስም ኣልቦ/ሃገራዊ ብንያም ጸጋይ።